ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ኣብ 2016 በጀት ዓመት ካብ መደበኛ GEQIPE IPF ከምኡዉን ካብ CALM ብግልፂ ጨረታ ንምግዛእ ብምድብ/LOT/ መቐሉ ማለት እውን፡ ምድብ-1/LOT-1፡- ናይ ፅሕፈት መሳርሕን ፅርየት ኣቐሑት፣ ምድብ-2/LOT-2፡- ናይ ፈርኒቸር ኣቐሑት ፣ ምድብ-3/LOT-3፡- ናይ ኤኬክትሮኒክስ ኣቐሑት ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጉንበት 6, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 20, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 20, 2016 5:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ቁፅሪ ፋ/ም/ሃ/36/ግ-ጨ/10

ዕለት 06/09/2016 ዓ/ም

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቐፅሪ 10/2016 ዓ/ም

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ኣብ 2016 በጀት ዓመት ካብ መደበኛ GEQIPE IPF ከምኡዉን ካብ CALM ብግልፂ ጨረታ ንምግዛእ ብምድብ/LOT/ መቐሉ ማለት እውን፡

ምድብ-1/LOT-1፡- ናይ ፅሕፈት መሳርሕን ፅርየት ኣቐሑት፣

ምድብ-2/LOT-2፡- ናይ ፈርኒቸር ኣቐሑት ፣

ምድብ-3/LOT-3፡- ናይ ኤኬክትሮኒክስ ኣቐሑት ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣ ናይ ግብሪ

ከፉላይ መለለይ ቐፅሪ TIN ሰርተፊኬት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ንተወሳኪ እሴት ታክሲ / VAT ዝተመዝገበ፣ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ መጋቢት/2016 ዓ.ም VAT ድክላሬሽን ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑን ናይ ዘመኑ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ናይ ፅሕፈት መሳርሕን ፅርየት ኣቐሑት ፈርኒቸራት
ኣቐሑት ኤኬክትሮኒክስ ኣቐሑት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15' ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ እስፔስፍኬሽን መሰረት ከቅርብ ዝኽእል ፣

5. ተጫራቲ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሸምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ

ከቅርብ ዝኽእል፣

6. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ናይቲ ትካል ሸምን ኣድራሻን ፣ ማህተምን

ፈርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፣

7. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታን ምድብ-1ን ምድብ-2ን ምድብ-3 /LOT-1,LOT-2,LOT-3 ንዘለዉ ዝርዝር ንብረታት ንሕድ ሕድ ሰነድ ዘይምለስ ብር 100.00/ ሓደ ሚኢቲ ብር ጥራሕ/ እናኸፈልኩም ካብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዳ/ዳሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 /2-01 ካብ 06/09/2016 ዓ/ም ክሳብ 20/09/2016 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል፣

8. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ንሕድ ሕድ ሰነድ ጨረታ/LOT-1,LOT-2,LOT-3 ብር 5,000.00/ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ጥራሕ/ ብሸም ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን / Bureau of finance & Resource Coordination / ብCPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ውይ ድማ ብጥረ-ገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፣

9. እቲ ጨረታ ዕለት 20/09/2016 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4፡30 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 5፡00 ቅ/ሰዓት ኣብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

10. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ

ዝተሓለወ እዩ።

11. እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቅንስ/ክውስክ/ ይክእል እዩ።

12. ንዝበለፀ ሓበሬታ ሞባይልቑፅሪ0914775963/0983101164/ደዊልካ ምሕታት ዝካኣል ምኟኑ ንሕብር።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle